# ዝዕሰብ እንተተረኺቡ ዝዓስብ ነይሰኣን፡ ተራ ወጻኢ ሓይልታት ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

*ብባህረ ተስፋገርጊስ 10-23.2010*

ታሪኽ ኤርትራ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 120 ዓመታት: ታሪኽ ኣንጻር ዓመጽ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ቃልሲ ኢዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። <u>ኣብ’ዚ መዋእል’ዚ ብውሕዱ ኣርባዕተ ወሎዶታት ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ውግእን ረጽምን ንመሰሎምን ክብሮምን ካብ ባዕዳውያን ተጻባእቲ ንምክልኻል ኢዮም የሕሊፎሞ</u>። እዚ ታሪኽ’ዚ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ቤተ-ሰብ ህያው ታሪኽ ኢዩ። ንኣብነት ናተይ ቤተ-ሰብ እንተወሰድና፡ ኣባሓጎይ ኣንጻር ናይ ትግራይ መሳፍንትን ኣንጻር ጣልያንን፤ ኣቦይ ኣንጻር ጣልያንን ኣንጻር ኢትዮጵያን፤ ኣነ ኸኣ ኣንጻር ኢትዮጵያ ተዋጊእና ኣብ መጨረሻ ልዕላውነት ኤርትራ ተረጋጊጹ። ድሕሪ ናጻነት እንተኾነ’ውን ደቀይ ንሉዕላውነት ኤርትራ ካብ ግዳማዊ ተጻቦኣታት ኣብ ምክልኻል ተዋጊኦም ገና’ውን እቲ ናይ ግዳም ወስታ ስለዘይቃሃመ ኣብ ምክልኻል ኣለዉ። እዚ ንወሎደታት ዝቐጸለ ቃልሲ ብመሰረቱ ንኤርትራዊ መሰልን ክብርን ንምርግጋጽን ንምክልኻልን ዝተገብረ ቃልሲ ኢዩ። <u>ኤርትራውያን ካብ ኩሉ ዓሌትን ሃይማኖትን ብሓደ ኮይኖም ኣንጻር ዓመጽትን ጎበጥትን ዝተሰውእሉን ዝተዋድቑሉን ቃልሲ ኢዩ</u>። በቲ ሓደ ሸነኽ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓይልታት ንህዝቢ ኤርትራ ብዓሌት፡ ብወገን፡ ብሃይማኖት፡ወ.ዘ.ተ. ከፋፊሎም ከዳኽምዎን ክገዝእዎን፤ በቲ ካልእ ሸነኽ’ከኣ ህዝቢ ኤርትራ እምቢ ንመግዛእቲ፡ እምቢ ንዓመጽ፡ እምቢ ንምክፍፋል ኢሉ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝተቓልሰሉ መዋእል ኢዩ። <u>ስለዚ ኤርትራውነት ብናይ ቡዙሓት ኤርትራዊ ወሎዶታት የዕጽምትን ደምን ዝተነድቐ ኽቡር መንነት ኢዩ</u>። ምዕቃብ ኤርትራውነት ኣብ ዝኾነ ኩነት ኣብ “እንተን ግንን” ዘይኣቱ ክሳዳዊ-ዓላማ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓይሊ ክኾውን ይግባእ።

ዓመጽን በደልን ብግዳማዊ ሓይልታት ጥራሕ ዝመጻ ኣይኮናን። ናይ ውሽጢ ዓመጽትን መሰል ጎበጥትን’ውን ነይሮምን ኣለዉን። ብዓብይኡ ከኣ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ምልካዊ ስርዓት ተመንዚዑ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ ከምኡውን ፖለቲካዊ መሰላቱ ተገፊፉ ኣደዳ ከርፋሕ ናብራን ዘይብሩህ መጻእን፡ ኣደዳ ማእሰርትን ስደትን ኮይኑ ኣሎ። <u>ሎሚ ኤርትራ ናይ ህዝቢ ሂወትን ንብረትን ዝሰርቐን ዝምንዝዕን ስርዓት ተተኺሉ ዉሑዳት ጉጅለ ዝቖጻጸርዋ ሃገር ኮይና ኣላ</u>። ኤርትራ ንህዝብን መንግስትን ክገዝእ ዝክእል ዓንደ-ሕጊ ዘይብላ ሓደ ውልቀ-መላኺ ከም ቃሕትኡ ዝገዝኣ ሃገር ካብ እትኾውን

እኒሆ ዳርጋ 20 ኣመታት ተቖጺሩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ መቀራቐሮ'ዚ ንምውጻእ ዝገብሮ ቃልሲ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እንዳሓየለ ይኸይድ ከምዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሓት ውሽጣውን ግዳማውን ብዶሆታት ይገጥምዎ ኣለዉ።

ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ኣብ ድሕሪ ውድቀት መላኪ ስርዓት ትትከል ኤርትራ ሓደ ናይ ሓባር ራኢን መትከልን የብሉን። ስለዝኾነ'ከኣ ኣታሃላልውኡ ፋሕ ዝበለ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ነንሕዱ ዝናኸስ ካብ ኣንጻር መላኺ ስርዓት ዝገብሮ ቃልሲ ኣንጻር ነንሕድኡ ዝገብሮ ቃልሲ ናይ ምትህልላኽ ይበዝሕ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ነዚ ፋሕ ዝበለ ኣታሃላልዋ ተቓውሞ ንምጥርናፍን ሓደ ዑኹኽ ዝበለ ናይ ተቓውሞ ዉዱባትን ሰልፍታትን ናይ መቃለሲ ባይታ ንምምስራት ተባሂሉ መጀመሪያ ምሕዝነት ዳሓር'ከኣ ኪዳን ዝተባህላ ጽላላት ይመስረታ'ምበር ምልኪ ኣብ ምልጋስ ይኹን ዲሞክራስያዊ ባህልን ጠባያትን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኣብ ምንጋስ ዘበርከተኦ ተራ ዳርጋ የለን እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝራሓቐ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እኳድኣ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንቕድሚት ከይስጉም ሓሊኾም ካብ ዝሓዝዎ ረቛሒታት ብቐዳማይ ደረጃ ዝርቓሕ ምኽንያት ኢዩ። ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኽልተ መሰረታዊ ፍልልያት ዘለዎም ኣተሓሳስባታት ኣለዉ። ኣብ መሰረታውን ክሳዳውን መትከላት ማለት ኣብ ሕቶ ሃገርነት፡ ሕቶ ዲሞክራስያ፡ ሕቶ መሰረታዊ ጸላኢ ኣብ ምልላይ፡ ኣብ ሕቶ ኣገባብ ቃልሲ፡ ብዓብይኡ ከኣ ኣብ ሕቶ ተራ ናይ ግዳም (ወጻኢ) ሓይልታት *(the role of foreign forces)* ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዲያመትሪካዊ ኣንጻር ዝኾኑ መርገጺታት ሽኣ ይውኩሉ። እምበኣርከስ ደምበ ተቓውሞ ብክልተ ከም ማይን ዘይትን ክተሓዋወስ ዘይክእል ኣተሓሳስባታት ዘቖሙ ኽልተ ሓይልታት ዝተኸፍለ ኢዩ።

## ቀዳማይ ሓይሊ፡

ካብ እምነ-ኹርናዕ ኣተሓሳስባታት እዚ ሓይሊ እዙይ እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይካኣል፦

1. መሰረታዊ ጸገማት ኤርትራ ምልኪ ዝመበገሲኡ ካብ ፍትሕን ሕግን ምጥፋእ (ዘይምህላው) ዝነቐለ ስለዝኾነ መፍቲሒኡ ከኣ ምልኪ ኣልጊስካ ፍትሕን ሕግን ዲሞክራስን ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ምትካል ኢዩ ኢሉ ይኣምን።

2. ፍትሒን ሕግን ዲሞክራስን ኣብ ኤርትራ ንምትካል፡ መጀመሪያ ሃገረ-ኤርትራ ክትህሉ ስለዘለዋ፡ ሉዕላውነት ሃገር ምዕቓብን ምክልኻልን ከም ቀዳምይ ዕማሙ ይሰርዕ።

ብዋጋ ክብርን ሉዕላውነትን ኤርትራ ዝትከል ዲሞክራሲ ክህሉ ኣይክእልን ዝብል ይኸውን።

3. ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝመርሑ ቑንጣሮን ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ጸረ-ዲሞክራስያውን ሓይልታት'ምበር እቶም ከም'ቲ ካልእ ሰፊሕ ህዝቢ ተጠሊሞም ዘለዉ ሓይልታት ምክልኻል፡ ፖሊስ፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ወ.ዘ.ተ. ስለዘይኮኑ ኣንጻር እዚ'ኣቶም ዝቐንዐ ዝኾነ ጎነጻዊ ቃልሲ ፍትሓውን ሕጋውን ዲሞክራስያውን ኣይኮነን ዝብል እምነት ከኣ ይህሉዎ። ብኣንጻሩ ነዞም ሓይልታት እዚኣቶም መታን ኣብ መስርዕ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ተጸንቢሮም ጉቡእ ኣበርክትኦም ክገብሩ ኣገባብ ቃልስና ሰላማውን ዲሞክራስያውን ክኸውን ከምዘሎዎ ይኣምንን ይሰርሓሉን።

4. ጸገማት ኤርትራ ብኤርትራውያን ጥራሕ ክፍታሕ ኣለዎ። ብባዕዳውያን ተቓሚሙን ተዓሺጉን ንኤርትራ ዝስደድ መፍትሒ ክህሉ ኣይክእልን ጥራሕ ዘይኮነስ: ብመሰረቱ'ውን ምትእትታው ኢድ ባዕዳውያን ቀጥታዊ ይኹን ተዘዋዋሪ ንሕጅን ንመጻእን ንኤርትራ ሃገራዊ መስልን ክብርን ዝግህስ ስለዝኾነ ብትብዓት ይምክቶ።

5. ብሃገር ደረጃ ተወዲብካ 'ማዕበል ሓይሊ ህዝቢ (ትርናዐ)' *(People Power Movement)* ዝሕመረቱ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ምክያድ: እቲ እንኮ መንገዲ ንፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምንጻፍ ሰላማዊ ቅብብል ስልጣንን ባህልን ዋሓስ ቀጻልነት ፍትሕን ዲሞክራስን፡ ምዕባለን ብልጽግናን ኣብ ኤርትራ ኢዩ። ንብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዘየንጸባርቕ ኣተሓሳስባ ይኹን ኣወዳድባ ሕቶ ፍትሕን ዲሞክራስን ኣብ ኤርትራ ክምልስ ስለዘይክእል፡ ምትብባዕ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ዝተደረተ ውደባ ንረብሓ ኤርትራ ከምዘይኮነ ይኣምን። ብኣንጻሩ ከም'ዚ ዓይነት ኣወዳድባ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ኣርሒቑ ኣብ ጎድኒ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከምዝስለፍ ገይሩዎን ይገብሮን ኣሎ።

## ካልኣይ ሓይሊ፡

ካብ መሰረታዊ ኣተሓሳስባታት እዚ ሓይሊ'ዚ: እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይካኣል፦

1. መሰረት ጸገማት ኤርትራ ብሄራዊን ሃይማኖታዊን ጭቆና ኢዩ። እቲ መንግስቲ ወኪልን ተጣባቒ መሰልን ሓደ ብሄርን ሓደ ሃይማኖትን ኢዩ፤ መሰረታዊ ግርጭት ኤርትራ ኣብ መንጎ ክርስቲያንን እስላምን፡ ኣብ መንጎ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኢዩ ኢሉ ዝኣምን ሓይሊ ኢዩ። እዚ ሓይሊ እዚ 'መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል

ንምርግጋጽ ይነጥፍ። ንኣብነት ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ውድብ ዓፋር ንርአ፡ http://www.tigraionline.com/articles/article10015.html

2. ጎነጽ ከም ቀንዲ መሳርሒ ኮይኑ፡ ስልጣን ብዝኾነ መንገዲ ምምንዛዕ - እንተላይ ሃገራዊ ክብርን መሰልን ኤርትራን ኤርትራውያንን ብዝግህስ፡ ሉዕላውነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብዘውድቕ፡ ዋላ ኣብ ዝባን ናይ ወጻኢ ሓይሊ ታንኪ ተወጢሕካን ኣብ ማእገር ናይ ግዳም ተጻባእቲ ሓይልታት ተሓንጊርካን የጠቓልል።

3. ብብሄር፡ ብሃይማኖት፡ ብዓሌት፡ ብቐቢላ፡ ብኸባቢ፡ ወ.ዘ.ተ. ተጠርኒፍካ ኣንጻር እቲ ጸቓጢ ትብሎ ብሄርን ሃይማኖትን ብናይ ወጻኢ ተጻባእቲ ሓይልታት እንዳተደገፍካ ጎነጻዊ ቃልሲ ምክያድ።

4. ነቶም ሃገራውን ዲሞክራስያውን መደባትን ፕሮግራምትን ሒዞም ብሃገር ደረጃ ተጥርኒፎምን ተወዲቦምን ዝንቀሳቐሱ ኤርትራውያን ሓይልታት ንምድኻም ብውሽጥን ብደገን ሽርሕታት ምክያድ።

5. ነቲ ቡዙሓት ዎሎዶታት ኤርትራ ዝተሰውኡሉ ሃገራዊ ናጽነትን ሉዕላውነትን ኤርትራ ምእንቲ ስልጣንን ጉጅላዊ ረብሓን ኣብ ዕዳጋ ምውራድ። ኣብዚ ዝሓለፉ ሓያለ ዓመታት ከምዝተዓዘብናዮ፡ ዝምድና መብዛሕትኦን ተቓውሞ ዉዱባት ኤርትራን: መንግስቲ ኢትዮጵያ ተዓሳባይን ዓሳባይን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነተን ብሄራውያን: ዓሌታውያን ወገናውያን: ሃይማኖታውያን ዉዱባት ከተባብዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይነበራውን ክፈጥር ከምዝጸንሐን ጋናውን ይቕጽሎ ከምዘሎ ሚስጢር ኣይኮነን። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ'ውን ነተን ሃገራውን ዲሞክራስያውን ጠባያት ዘለወን፡ እሞ ከኣ ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ የሕሊፈን ኣይህባን'የን ተባሂለን ዝፍለጣ ሰልፍታትን ዉዱባትን ብዝተፈላለየ መንገዲታት ከዳኽመን ጸኒሑን ኣሎን። እቲ ሓቂ እዚ ኮይኑ፡ መልሲ ክረኽብ ዘሎዎ ኣገዳሲ ሕቶ ግን ኣሎ። ንሱ ካኣ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንተድኣ ኣብ ሰላማዊ ጉርብትናን፡ ኣብ ሕድሕዳዊ ምክብባርን፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ምእማን፡ ወ.ዘ.ተ. ዝኣምን ኮይኑ: ስለምንታይ ድኣ ከም'ዚ ዝኣመሰል ተግባራት ይፍጽም፧ እስከ ስለምንታይ ከምዝኾነ ንርአዮ፦

ሀ. መጀመሪያ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝህሉ ዝምድናታት ረብሓዊ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። መጠን እዚ ረብሓታት'ዚ ከኣ ብዘለካ ዓቕምን ሓይልን ምድርዳር ይውሰን። እቲ ዝሓየለ ዝበዝሐ ረብሓ ይወስድ።ብመንጽር'ዚ ክረአ ከሎ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ሓያልን ስምርትን ኤርትራ ዝደኸመትን ዝተበታተነትን ኤርትራ ክትህሉ ዝያዳ የርባሓና ኢሎም

ዝኣመኑ ይመስሉ። ንኤርትራ ከዳኽምን ክበታትንን ዝኽእል ኩነታት ሕጂ ተፈጢሩ ኣሎ ዝብል እምነት ዘለዎም'ውን ይመስሉ። እቲምንታይ'ሲ፡ በቲ ሓደ ወገን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ መዳርግቲ ዘይብሉ ዲክታተርያዊ ስርዓት ተተኺሉ ንህዝቢ ዝበታትን፡ በቲ ካልእ ወገን ካኣ ካብ ውሽጢ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ተዓሲቦም ንረብሓታት ኢትዮጵያ ክሰርሑ ዝኽእሉ ዉዱባትን ውልቀ-ሰባትን ምህላዎም።

ለ. እቲ ብስውር ዉዱባትን ውልቀ-ሰባትን ዓሲብካ ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓታት ኤርትራ ምውፋር ካብ ዝጀመር ነዊሕ ዝገብረ ይኹን'ምበር ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብግሉጽን ብጽዑቕን ይቕጽል ምህላዉ ህጹጽ ቖላሕታን ግብረ-መልሲን ህዝቢ ዘድልዮ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። ***'ዋሓጢዮ እንተብልኩዋስ ትጎስም'*** ኮይኑ: ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ጥራሕ: ዘይነበራ ዓሌታውያን ዉዱባት (ውድብ ሳሆን ውድብ ብለንን) ብተበግሶን ህንደሳን ኢትዮጵያ ተፈጢረን ኣለዋ። ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብኢትዮጵያ ተመዊሉ ኣብ መቐለ (ትግራይ) ዝተጋበአ ዓሌታዊን ብሄራዊን ዋዕላ ዝዝከር ኢዩ። ሕጂ ካኣ ዉዱብ ብሄረ-ትግረ ንምምስራት: ዝዕሰቡ ባእታት ኢትዮጵያ ተናዲ ከምዘላ ብሰፊሑ ይዕለል ኣሎ። <u>ዝዕሰብ እንተተረኺቡ ዝዓስብ ነይሳኣን ኢዩ</u>። ሕጂ ግን ካብ ብሄረ-ትግረ ዝዕሰብ'ዶ ይርከብ ይኸውን: ንዝብል ሕቶ እስከ ንጊዜ ንግደፎ። ከምኡ'ውን እቲ ምንም እኹል ይኹን ቡቑዕ ምድላዋት ከይተገብረሉ: ብሃታሃታን ብኣፈርክቡን ንውዱባት ኤርትራ ዝኸፋፈለ ብናይ ኢትዮጵያ ምድፍፋእን ምወላን ዝተጋብአ: ዋዕላ-ኣቃቂ (ኣዲስ ኣባባ) ውጺኢቱን ሕጂ ፈጢርዎ ዘሎ ኩነታት፡ ውጽኢት ናይቲ ኢትዮጵያ ንሃገራውያንን ዲሞክራስያውያንን ሰልፍታትን ዉዱባትን ኤርትራ ንምድኻም ትገብሮ ጻዕርታት መቐጸልታ ምኻኑ ክዝንጋዕ የቡሉን። <u>ሓደ ካብ'ቲ ጭብጥታት ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል ብኣሳናዳዊት ሽማግለ ዋዕላ ኣቢሉ እውን ዝምስከረሉ ኢትዮጵያ ኣብ ሓምለ ክግበር ስለዝደለየቶን: እቲ ገንዘብ ፋይናንስ ስለዝገበረቶን ተባሂሉ ፍቓዳ ክማላእ ተባሂሉ ብሃታ-ሃታ ከፊላዊ ዋዕላ ከምዝተኻየደ ዓለም ብዓለሙ ተዓዚብዎ</u>። እዚ ንባዕሉ ውድባት ኤርትራ እቲ መትከላዊ ነጻነት ናይ ምውሳን ግዴኣን ሽይጠን ብግዳማዊ ሓይልታት ዝደለይዎ መደባት ከትግብራ ንውሽጣዊ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ቀንዲ ናይ ዘይምትእምማን ጠንቂ ምኻኑ ህዝቢ ኤርትራ ብንጹር ክፈልጦን ክቃለሶን ዘሎ ጉዳይ እዩ።

ሐ. ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቕሰ፡ ኪዳን (EDA)ንባህግታት ኤርትራ ክውን ክገብር ዘይካኣለ ናይ ተቓውሞ ዉዱባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ጽላል ኮይኑ ጸኒሑ። ሕጂ ግን ኪዳን ዳርጋ ዘየለ ጽላል ኢዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።ኣብ ውሽጡ ንሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ የሕሊፉን ዘይህባ ሃገራውያንን ዲሞክራስያውያንን ዉዱባትን ሰልፍታትን ስለዝጸንሖ፡ ኢትዮጵያ ከምድላያ ንረብሓኣ ከምመሳርሒ ክትጥቀመሉ ስልዘይካኣለትን ንድሕሪ ሕጂ'ውን ከምዘይትኽእል ስለዝተገንዘበት ኪዳን ከምዝፈርስ ይግበር ኣሎ። <u>መትካእታ ኪዳን ዝኾውንን ኢትዮጵያ ከምድላያ ትምእዝዞ ትካል (ባይቶ) ንምቛም፡ *ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ* ብዝብል ሽም ዝተጠመቐን መራሒኡ ብኢትዮጵያ ዝተረቑሐን፡ ሓለፍቱ ብኢትዮጵያ ዶሞዝ ዝኽፈሉን፡ ብኢትዮጵያ ዝምወልን ኣካል ክንቀሳቐስ ጀሚሩ ኣሎ።</u> እዚ ኣካል እዙይ ንኪዳን ዘይምእዘዝን ተጽዋዕነቱ ናብቲ ዝምውሎ ኣካል ኢትዮጵያ እንተዘይኮይኑ ንዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ትካል ጸብጻብ ዘይገብርን ብዝኾነ ኤርትራዊ ትካል ምቑጽጻር ዘይግበረሉን ሙኻኑን ክገልጽ ጀሚሩ ኣሎ። መታን ናይ ህዝቢ ልቢ ክስሕብ፡ ንሕና ናይ ህዝቢ ተወከልቲ ኢና፤ ኪዳን ስልጣኑ ንህዝቢ ኣረኪቡ ኢዩ፤ ኢትዮጵያ ሙሉእ ምትሕብባር ትገብረልና፤ ፓርላማ ኣቚምና ናይ መንግስቲ ስራሓት ክንወስድ ኢና፤ ወ.ዘ.ተ. እንዳበሉ ንህዝቢ ከታልሉ ክፍትኑ ጀሚሮም ኣለዉ። ኢትዮጵያ'ውን ብወገና መታን እዚ መስርሕን እቲ ክትከል ዝድለ ዘሎ ፓርላማን ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘለዎ ኢዩ ክባሃል፡ ኩሉ ዝካኣላ (ብረብሓ ዝዕሰብ እንተተረኽበ ምዕሳብ፡ እንተኣድለየ ካኣ ብምፍርራሕ) ኣብ ምክያድ ኣላ። እቲ ናይመጨረሻ ክብጻሕ ዝድለ ዘሎ ዓላማ፡ ፓርላማ መስሪትካ ናይ ፓርላማ ባሩኾት ኣለኒ እንዳበልካ ከም ቃሕታኻ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኤርትራ እድ ምትእትታው፡ እንተላይ ወታሃደራዊ። ድሮኺ ነቶም ዘቕመቶም ናይ ሳሆ ቐቢላ ዉዱብ 1000 ዝኾኑ ወታሃደራት ኣሰልጢናን የዕጢቓን ሂባቶም ከምዘላ ይዕለል ኣሎ። ስለዝኮነ ካኣ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ሓደገኛ ሽርሒ ከፍሽሎ ኣሎዎ። ሓደ ነገር ክፍለጥ ዘለዎ፡ እዛ ንረብሓ ኢትዮጵያ ብኢትዮጵያ ዝቐመትን ትምወልን ኮሚሽን ምድጋፍ ማለት ሉዕላውነት ኤርትራ የሕሊፍካ ምሃብ ሙኻኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ ኢዩ።

መ. ንሙኻኑኽ ከመይ ገይሩ ኢዩ ካብ ሓያልን ስምርትን ኤርትራ ድኽምትን ዝተባታተነትን ኤርትራ ንኢትዮጵያ ዝያዳ ዘርብሓ፧ እቲ ረብሓኦም ከመይ ገይሮም ከምዝቕምርዎ ንሳቶም ጥራሕ ኢዮም ዝፈልጥዎ። ብጥዑይ ኣተሓሳስባ ግን ጎረቤትካ እንተቐሰነን እንተማዕበለን ዝያዳ ትጥቀም'ምበር

ኣይትጉዳእን። እንታይዳኣ'ዩ እቲ ሚስጢር፧ እዚ ክኾነሉ ዝኽእል ኩነታት ንርአ፦

- ንኤርትራ ብብሄር፡ ብቐቢላ፡ ብዓሌትን ብሃይማኖትን ከፋፊልካ ሓደ ድኹም ረብሓ ሃገር ኽሕሉን ክከላኸልን ዘይክእልን: ናዓኻ ዝምእዘዝን መንግስቲ ኣቑምካ: ረብሓ ኢትዮጵያ ምሕላው።

- ንኤርትራ ናብ ናኣሽቱ ዓሌታትን ቀብላታትን ከፋፊልካ ኣብ ነንሕደን ከምዝዋጋኣ ምግባር (ሶማልያ ዓይነት ኩነታት ምፍጣር)። ዳሓር ብወልንታ ይኩን ብሓይሊ ነተን ዘድልያካ ዓሌታት ኣካቲትካ ዓባይ ትግራይ ምምስራት (ብ1976 ዝወጸ ማኒፈስቶ ወያነ) ምውካስ ይካኣል። http://www.deqebat.com/pdf006/ABAY_TIGRAY008_011.pdf

- ኣብ ኤርትራ ናይ ብሄራት ስምምዕ የልቦን፡ ኢቲ መንግስቲ ክወድቕ ኢዩ፡ ኤርትራ ከም ሶማልያ ክትኾውን ኢያ ሓደ ነገር እንተዘይተገይሩ፡ ስለዝኾነከኣ ናዓይ ኣፍቑድለይ ኢደይ ከእቱ እንዳበለት: ኢትዮጵያ ካብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ባሩኾት ንምርካብ ትገብሮ ዘላ ነውሪ ኢዩ።

እሞ'ድኣ እንታይ ኢዩ እቲ ምርጫ ንህዝቢ ኤርትራ፧

ከምቲ *'በቲ እንተሸድኩም መርዓዊኹም ይመተኩም፡ በቲ እንተሸድኩም መርዓትኩም ትጸድፈኩም* ዲዩ ኮይኑ፧ ብዓዲ ምልካዊ በትሪ፡ ብደገ ናይ መግዛእቲ ወስታ ምስ ምልካዊ ባህርያቱ ዲዩ እቲ ምርጫ። እቲ መልሲ **'ኣይፋል'** ኢዩ። *'ምልኪ'ዶ መግዛእቲ ይሕሻ፡ ኩለን ሓደ ካብ ሱረን ተበርቌቖን ይትሓምሸሻ'* ኢዩ መልሲ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ። ስለዝኾነ ካኣ ሎሚ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎድኒ ዲሞክራስያውንን ሃገራውን ምንቅስቓሳት ተወዲቡ ንምልክን ንመግዛእታዊ ወስታን ኣብ ምምካት ይርከብ። እዚ ቃልሲ'ዚ ዝያዳ ክዓኹኽን ክሕይልን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ደላይ ፍትሕን ዲሞክራስን ብልጽግናን ሓላፍነት ኢዩ።